






# ናብ Swedish እንኳዕ ብደሓን መጻኹም

## መጽሓፍ ሓበሬታ ተሓከምቲን ስድራ

# Welcome to Swedish

**Patient and Family Handbook (Tigrigna)**






SWEDISH
HEALTH FOR GOOD

# ሰደቓ ትሕዝቶ


ናብ Swedish እንኳዕ ብደሓን መጻኹም 3

ካብ ዋና ፈጻሚና ስራሕ ዝተለኣኸ መልእኽቲ 4

ጉጅለ ክንክነ ጥዕናኹም 5

ናይ ድሕነት ባህሊ 6

ኣብ Swedish ዝህልወኩም ጸንሒት 7

ናይ ሕክምና መዝገባትኩም 9

መምርሒታት ክንክን ህክምና 10

ናይ ተሓከምቲ መሰላት 11

ናይ ተሓካሚ ሓላፍነታት 12

ናይ ተሓካሚ ቼክ ሊስት 13

ሕቶታት ክፍሊት 14

ርኢቶን ዋኒናት 15

ናይ ዘይምንጻል ምልክታ 16

ምልክታታት 18

ን Swedish ምሃብ 19

# ናብ Swedish እንኳዕ ብደሓን መጻኹም

Swedish ኣብ 1910 ገፉሕትን ተፈታተንቲ ዕላማ ዘለዎ ንእሽተ ሆስፒታል ጀሚራ፡ ኣብቲ ክልል ዝማዕበለ ቴክኖሎጂን መሳርሕታት፣ ክእለት ብዘለዎም ዝሰልጠኑ ሰራሕተኛታት ዝርከብ ብሉጽ ክንክን ሕክምና ንምሃብ። ካብቲ እዋን ጀሚሩ፣ ምስ ተመሳሳሊ ዕላማ ንሕድ ሕድ ተሓካሚ ዝበለጸ ህክምናን መርኣያ ክንክን ንምሃብ Swedish ኣብ ፓስፊክ ሰሜናዊ ምዕራብ ዚያዳ ዝተኸበረ ኣትራፊ ዘይኮነ ትካል ሕክምና ሓደ ክህልዋ ብምግባራ።

ኣብ መወዳዕታ 19 ምዕተ ዓመት እንግሊዝኛ ፍልጠት እንተይሃለወ ኣብ ጅብኡ ከይዲ ዶላር ጥራሕ ብምሃዝ ካብ ስዊድን ናብ ኣሜሪካ ምስተሰደደ ኒልስ ጆኣንሰን ኣብ ዴንቨር ናይ ሕክምና ዲግሪ ብምርካብ ብመጥባሕቲ ሰልጢኑ። ኣብቲ እዋን ናብ ሲያትል ምስከደ ፈለማ ብርኪ ዘለዎ ሆስፒታል ብዘይምህላዉ ከፊእዎ ናይ ባዕሉ ንምህናጽ ወሲኑ። ካብ ሰዓብቱ ስደተኛታት Swedish በዝረኸቦ ሓገዝ ገንዘብ ኣብ ፈርስት ሂል ናይ Swedish ሆስፒታል ተሃኒጹ። ካብ ምጥያሽና ጀሚሩ፣ ኣብ ክልልና ክንክን ጥዕና ንምምዕባል ወሳኒ ተራ ዝጻወት ብሓገዝ ማህበረሰብና ክእለትና ምዕባይን ምዝውዋርን ክኢልና።

ዶ/ር ጆኣንሰን ዘነቓቕኦ ተመሳሳሊ ሓይልን ጽኑዕ ድሌት ሕዝውን ሎሚ ኣብ Swedish ዝሰርሑ ሰባት ይመርሕ። ንተሓከምትና ብሉጽ ውጽኢት ንምሃብ ንነጥፈሉ ካብ ቴክኒሻን፣ ነርስ፣ ስጋብ ዶክተርን ክኢላ መጥባሕቲ ጉጅለ ክንክን ጥዕናኹም ሕድ ሕዶም Swedish ዓወት ኣብዘለዎ ምርምርን ቴክኖሎጂ ተደሪኻ ብሕክምና ሳይንስ ቀዳሚት ንምግባር ሰሊጦም ይሰርሑ።

ኣብዚ ዘለኩም ልምዲ ምቹእነትን ዓርሰ ምትእምማን ንኽስማዓኩም ከምዝገብር ንኣምን። ስርሖም ብዝፈቱ ኣብ ዝሰርሕዎ ክኢላታት ዝኾኑን ንጥዕናኹም፣ ድሕነትን ምቹእነት ጻዕሪ ዝገብሩ ኣገዳሲ ክንክን ጥዕናን ዝማዕበለ ጽፈት ዘለዎ ወሃብቲ ንምቕባል/ንምርካብ ንዓና ስለዝመረጽኩም ክብሪ ይስመዓና።


SWEDISH FIRST HILL



SWEDISH CHERRY HILL


SWEDISH BALLARD


SWEDISH EDMONDS (ትሕትና ናይ NBBJ)



SWEDISH ISSAQUAH

# ልዕሊ ሚእቲ ኣመት ዝጸንሐ


R. GUY HUDSON, M.D., MBA

ካብቲ ምጥያሽ ጀሚሩ ተልዕኾን ዕላማ Swedish ንሕና ነገልግሎ ሕድ ሕድ ውልቀሰብ ጥዕናን ድሕነት ንምምዕባል እዩ። Swedish ኣብ ዝሓለፈ ምዕተ ዓመት ካብዝጀመረቶ ተግባር እቲ ተሓከምትና ማእኸል ዝገበረ ንጥፈት ብተመሳሳሊ ይርከብ።

ተሞክሮኹም ንምሃብ ዘሕግዝ ምስ ጉጅለ ክንክን ጥዕናኹም ንምፍላጥን ክህልዎኩም ዝኽእል ዋኒን ወይ ሕቶ ንምፍታሽ ዘሕግዝ እዚ መጽሓፍ ሓበሬታ ኣዳሊና። ብዛዕባ ጻንሒትኩም ወይ ክንክንኹም ዚያዳ ሓበሬታ ወይ መብርሒ እንትደሊዩ፣ ብሕብረትኩም ጉጅለ ክንክን ዝኾነ ኣባል ወይ ሰራሕተኛና ንምሕታት ነጻ ኹኑ። ኣብ እዋን ጻንሒትኩም ኣብ ክንክንኩም ብንቕዓት ምስታፍን Swedish ድማ ሕድ ሕድ ድሌት/ባህጊ ምምላዕ ግቡኡ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ሆስፒታል ዝካየድ ክንክን ዘጨነቕ ኩነት ክኸውን ከምዝኽእል ንግንዘብ። ኣዝዩ ዝማዕበለ ክንክንን ኣዝዩ ዝማዕበለ ሕክምና ንኽንህበኩም ጻዕሪ ንገብር። ንስኻትኩም ኣብ ተደጋጋሚ መርመራ ሓልዉ፣ ህጹጽ ዋኒን ጥዕና ወሳኒ ክንክን እናተቐበልኩም ወይድማ መሊስኩም እግሪ ምትካል ምስዛዘምኩም ይኹን ናትኩም ጥዕናን ድሕነት ዝለዓለ ቀዳምነት እንህቦ እዩ።

ማህበረሰብና ዝለዓለ ጽፈት ዘለዎ ክንክን ንምሃብ ንጡፋት ክንዲ ኣሸሓት ብዝኾኑ ወሃብቲ ክንክን፣ Swedish ከም ወሃቢ ክንክን ጥዕናኹም ብምምራጽኹም ከመስግነኩም እደሊ።



R. Guy Hudson, M.D., MBA
ዋና ፈጻሚ ስራሕ

# ጉጅለ ክንክነ ጥዕናኹም

### ሓካይምን ካልኦት ወሃብቲ ሕክምና

ኣብ Swedish እዋን ጻንሒትኩም ዝተፈላለዩ ኣይነት ዶክተራት ክትራኸቡ ትኽእሉ። ሰራሕተኛታትና ሕክምና ወሃብቲ ክንክን ተቖጻርቲ Swedish ከምኡ ድማ ብውልቀ ተግባር ገለልተኛ ወሃብቲ ክንክን ዝሓወሰ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሆስፒታል ሕክምናን ክንክንኩም ዝመርሕ ብልምዲ ስፔሻሊስት ዝኾነ ዶክተር ሓኪም ትራኸቡ። ኣብ ዝተወሰነ ክይዲ (እዚኦም ወሃብቲ ክንክን ቤት ትምህርቲ ሕክምና ዝወድኡን ምስቲ ዝርከብ ወሃቢ ክንክን ንምቕጽጻር ተወሳኺ ስልጠና ኣብዝወስድሉ እዋን) ነበርቲ ወይድማ ሰዓብቲ ኣብ ሕክምና ክሕግዙ ይኽእሉ።

ናተይ ሓኪም፤ ______________________________

ናተይ ሬዚደንት፤ ______________________________

ናተይ ሓኪም ነርስ፤ ______________________________

ናተይ ሓጋዚት ሓኪም፤ ______________________________

### ሆስፒታሊስት

ክትረኽቡዎ ትኽእሉ ካልእ ሓኪም ሆስፒታሊስት እዩ። ነበርቲ ወሃብቲ ክንክን ኣብዘይርከብሉ እዋን ንተሓከምቲ ንምክንካን ኣብቲ ሆስፒታል ዝሰርሕ/ትሰርሕ ጥራሕ ኢያ/ዩ። ኣብቲ እዋን ክንክን ሰዓት ምስ ነባሪ ሃኪም፣ ነርስ ከምኡ ድማ መካየዲ ስራሕ ዋኒን ይተሓባበር።

ናተይ ሆስፒታሊስት፤ ______________________________

### ነርስታት

ዝተመዝገቡ ነርስታት (RNs) ን ዝተረጋገጸሉ ፍቓድ ዘለዎ ናይ ተግባር ነርስታት (LPNs) ኣብ ሆስፒታል እንትትኾኑ ናይ ዓራት ክንክን ዝህቡ ሰባት እዮም። ናይ ክንክን ህክምና ትልሚ ወሃብቲ ከምኡ ድማ ትልሚ ክንክን ነርስ ስዒቡ ኣብ ክንክንኩም ምሉእ ተሳትፎ ንክህልወኩም ዘተባብኡን ሕክምናኹም ዝመርሑ፣ ቀንዲ ምልክታት ዝቖጻጸሩን ክንዲ ዝከኣል ምቹእነት ንክስመዓኩም ዘረጋግጹ እዮም። ንጥዕናኹምን ድሕንነትኩም ጻዕሪ ዝገብሩ ነርስታት ክንዳኹም ዘገልግሉን ብዛዕባ ኩነታትኩም ዘምህሩን ከህልወኩም ዝኽእል ዝኾነ ሕቶ ዝመልሱ እዮም።

ናተይ ነርስታት፤ ______________________________

______________________________

______________________________

______________________________

______________________________

### ሓላፊ ዋኒን

ኣብ ሆስፒታል እንትትጸንሑ እቲ ሓላፊ ዋኒን ክትረኽቡዎ ትኽእሉ። እቲ ሓላፊ ዋኒን ካብ ሆስፒታል እንትትወጹ ናትኩም ትልሚ ክንክን ንምትህብባር ምሳኹምን ምስ ካልኦት ጉጅለ ኣባላት ሆስፒታል ይሰርሕ። ንስኻትኩም ኣብዚ እንትትህልዉ፣ ብዛእባ ሽፋን ኢንሹራንስ ክህልወኩም ዝኽእል ሕቶታት ምምላስ ዝኽእልን ካብ Swedish ናብ ገዛኹም ወይ ናብ ካልእ ብርኪ ክንክን ምኻድኩም ክንድዝከኣል ምቹእ ምኳኑ የረጋግጽ።

ናተይ ሓላፊ ዋኒን፤ ______________________________

### ካልኦት ወሃብቲ ክንክን

ኣብዝተፈላለዩ ቦታታት ዝርከቡ ስፔሻሊስታት ብህጹጽ ንክትፈወሱ ዝሕግዙን ጻንሒትኩም ዚያዳ ምቹእ ንምግባር ድልዋት እዮም። እዚ ድማ ኣካላዊ፣ ናይ መተንፈሲ ኣካል ከምኡ ድማ ናይ ስራሕ ሓካይምን ናይ ላቦራቶሪ ቴክኒሻናት፣ ምስላዊ ሕክምና ሰራሕተኛታት፣ ናይ ስኒ ክኢላታት፣ ፋርማሲስት፣ ዝተረጋገጸሎም ሓገዝቲ ነርስ፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታትን ኣቕሽሽቲ ይሓውስ። ኣብዚ እንሃለኹም ዋላ'ኳ ግልጋሎቶም ኣይትድለዩ፣ እንትደሊኹም ክትረኽቡዎም ከምትኽእሉ ንክትፈልጡ መሊሶም የረጋግጹ።

ምዝካር እደልዮ ሽም ወሃብቲ ክንክን፤

______________________________

______________________________

______________________________

______________________________

______________________________

______________________________



# ናይ ድሕነት ባህሊ

## ጽሬት ኢድ



ናይ ጀርምታት ምብዛሕ ንምንካይን ንተሓከምትና ምቹእ ቦታ ንምፍጣር Swedish Medical Center (ማእኸል ሕክምና ስዊድሽ) ኩሎም ወሃብቲ ክንክን ናብ ክፍሊ ቅድሚ ምእታዎምን ምስወጹ የእዳዎም ብኣልኮል ጀል ወይ ሳሙናን ማይ ክሕጽቡ ይድሊ። ጎብነይቲ ተመሳሳሊ ብዝወሃብ ሳሙና ወይ ጀል ንኽጥቀሙ ነዕድም። ድሕነት ተሓከምትና ንምሕላው ሕማም ዝስምኦም ጎብነይቲ ኣብ ሆስፒታል ተሓከምትና ነኺይርእዩ ንሓትት።*

## ኣብ Swedish ንምንታይ ድሑን ምቹእ ይኾኑ

ኣብ Swedish ድሕነት ተሓከምቲ ዝለዓለ ቀዳምነት ኣለዎ። Swedish ናይ ሓደጋ፣ ጌጋታት፣ መጉዳእትን ህማማት በዝሕን ምድግጋም ንምንካይ ንቑሕ ተራ ይወስድ። ናይ ድህነት ቅደም ሰዓብን ስርኣት ንምምሕያሽ ብቐጻሊ ዝለዓለ ጊዜን ሓይልን ብምጥቓም ንፈጥር። ኣብቲ ቅድም ኢሉ ዝተገበረ ፍልልይ ዝፈጠረ ስራሕና ይሓሉ’ምበር ንስኻትኩም ምሳና መዳረግቲ ክትኾኑ ንደሊ። ዝኾነ ዋኒን እንተሃሊይኩም፣ ንምዝራብ ወይ ሕቶ ንምሕታት ይካኣል። Swedish ኣብ ድሕነት ተሓከምቲ ከመይ ከምትመዝግብ ዚያዳ ዝርዝር ንምርካብ ኣብ Swedish.org/about/quality-and-patient-safety/quality-information-sources ጎብንዩ።




## ሽምኩም ምሕታት

ናይ ተሓከምቲ ድሕነት እንውስኹሉ ብሩኽ ካብዝኾነ ቀንዲ መንገዲ ሓደ ኣብ ሆስፒታል ጻንሒትኩም ክትእዘቡዎ እትኽእሉ ዝኾነ ነገር እዩ። ቅድሚ ሕዚ ዝረኣኹሞም ይኹኑ ዝተፈላለዩ ወሃብቲ ክንክን ምስ ዝተፈለየ (ኣብነት፡ ከም ትውልዲ ዕለት) መለለይ ጭብጢ ብተደጋጋሚ ሽምኩም ዝሓቱ ይኾኑ። እዚ ድማ ዝኾነ ሕክምና፣ መድሓኒት፣ ስርዓት ወይ መግቢ ቅድሚ ምውሳድኩም ይሽውን። የለን፣ መን ከምዝኾንኩም ኣይረሳዕናን። ትኽክለኛ ውልቀሰብ ትኽክል ክንክን ምርካቡ ንምርግጋጽ ቀሊልን ዝተመሓየሸ ስጉምቲ እዩ።

በካልእ መዳይ፣ ናይ ክንክን ወሃብቲ ሽም ፍጹም ክትሃቱ የብልኩምን፤ ምኽንያቱም ህጋዊ ናይ Swedish ሰራሕተኛ ሽም መለለይ ዝተሓተሞን ስእሊን ሓላፍነት መምርሒ ስለዘለዎ እዩ። ኩሎም ሰራሕተኛታትና ክንክንኩም መን እነሃበኩም ከምዝኾነ ብህጹጽን በቀሊሉ ተለሊዎ መለለይ ሽም ንክኽልዎም ይህተቱ።

## ምኽልካል ምውዳቕ

ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዝኾነ ቦታ እንትህልዉ ብዙሓት ነገራት ምውዳቕ ከቢድ መጉዳእቲ ይገብሩዎ። ዝተወሰኑ ኣይነት መድሓኒታት ዘይፈልጡዎ ከባብን ኣካላዊ ድኽመት ንመጉዳእቲ ምህዋይኩም ንምካይ ምኽንያት ዝኸውን ናብ ምውዳቕ ክመርሕ ይኽእል። ኣብዚ እነሃለኹም ካብ ምውዳቕ ንምኽልካል ዘሕግዝ ኣብ ዓራትኩም ክልተ ኣንፈት ጸዋሪት ዘይንሻተት ካልሲ ክትገብሩ ንህበኩም። ብተወሳኺ፣ ናብ ዓይኒ ምድሪ እንትትከዱ ክትሕገዙን ናይ ኢድ ኣስካላ፣ መኸየዲ ወይ ቃንቻ ከመይ ከምእትጥቀሙ የርእይኹም።

## ንሓገዝ ምጽዋዕ

ኣብ ክፍሊ ንበይንኹም ኣብእትኾንሉ ጊዜ ብዝኾነ መንገዲ ዝሕግዘኩምን ብቀረባ ዝከታተለኩም ሰብ ይህሉ። ኩሉ ክትገብርዎ ዝግብኣኩም ቁልፊ ደወል ብርሃን ምጥዋቕን ዝኾነ ሰብ ብሓፂር እዋን ዝምልሰልኩም ይሸውን።

## ንኽትንቀሳቐሱ ምሕጋዝ

ወሃቢ ግልጋሎትኩም ኣብ ምሕዋይኩም ስሩዕ ምንቅስቓስኩም ንምሕጋዝ የበረታትዓኩም። ብድሑን ከይድን ምንቅስቓስ ንምሕጋዝ ወሃቢ ግልጋሎትኹም ፍሉይ መሳርሒ ክጥቐም ይኽእል። ከምዚ ዓይነት መሳርሂ ምጥቃም እንተደሊኹም፣ ወሃቢ ግልጋሎትኹም መምርሕን ምኽርን ዝህብ ይኽውን።

*ኣብ ሕማም ቁጽጽርን ኤፒዲሞሎጂ ናይ ክኢላታት ምስ ምስሊ ወነ ማህበር (APIC)


# ኣብ Swedish ዝህልወኩም ጻንሒት

## ብሉጽ ርክብ ምዕዋት

ውጽኢታዊ ርክብ ኣብ መንጎ ተሓከምቲ፣ የዕሩኽን ወሃብቲ ግልጋሎት ፅቡቕ ርክብ ንድሑንን ብእዋኑ ንምሕካም ኣገዳሲ እዩ። እንግሊዝኛ ዝመርፅዎ ቋንቋ እንተዘይኮይ ወይ ናይ ምስማእ፣ ምዝራብን ምርኣይ ጸገም እንተሊኩም፣ Swedish ብቑዓት መስተርጎምቲ ሕክምና ልዕሊ 200 ቋንቋታትን ብተወሳኺ ናይ ምልክት ቋንቋ መስተርጎምቲ ከምኡድማ ካልእ ተራኽቦ ዝርከብ እንተኾይኑ፣ ንኣብነት መስምዒ መሳርሒ ዝተሓገዝን ዝተተርጎመ ናይ ተሓከምቲ ናውቲ፣ ብሬልን CART ግልጋሎትን ዝተዓፀወ ርእሲ የቕርበልኩም (ዘሎ እንተኾነ)። ብቑዓት ተርጎምቲ ንግልጋሎት ርክብ ኣብ 24/7 ኩሉ Swedish ካምፓስ **ብዘይ ክፍሊት** ይርከብ። ኣባላት ስድራ፣ የዕሩኽ ወይ ቆልዓ ከም መስተርጎምቲ ሕክምና ምጥቃም ኣይንፈቅድን፣ ግን ከምኣድላይነቱ ብፍቓድኩም ሓገዝትን ሓበሬታ ወሃብቲ ክኾኑ ነተባብዕ። እንተተኻኢሉ ብኽብረትኩም ኣቐዲምኩም ብዛዕባኹም ዝተወሰነ ሓበሬታ ክንፈልጥ ግበሩና።

## ንዓኻትኩም ምቹእ ምግባር

ምሕዋይ እንትትኽእሉ ዘይምቹእ ወይ ቃንዛ ይስመዓኩም ኣብ ዕለታዊ ክንክን ክትዓርፉን ክትሕደሱ ንምቹእነት ክስመዓኩም ዝዓለምና ኢና። ዘለኩም ዝኾነ ቃንዛ ንኽትገልጹ ካብ 0-10 ብርኪ ቃንዛ ንኽትጥቀሙ ንሓተኩም። ብዛዕባ ብርኪ ቃንዛን እቲ ሕክምናን መድሓኒት ከመይ እናሰርሐ ምኧኑ ንሓተኩም ኢና። ከም ኣገዳስነቱ ኣንፈትኩም ንኽትቅይሩን ዋዒ፣ ዛሕሊ ቴራፒ ወይ ካልእ ዝስርሓልኩም ንሕግዘኩም። እቲ ብርኪ ቃንዛ ኣብ ምሕዋይ ካብ ምስታፍ ዝኽልክለኩም እንተኾይኑ፣ ቃንዛ ከመይ ከምዝስመዓኩም፣ ልብኹም ዝኾነ ለውጢ እንተሊዩ ወይ እቲ ናይ ቃንዛ መድሓኒት ካብ ዝተሓሰበ ኣቐዲሙ ለውጢ እንተሃሊዩዎ፣ ብኽብረትኩም ጉጅለኹም ክፈልጥ ግበሩ። ሕድ ሕድ ፃእሪ እንገብር ኮይኑ፣ ግን እቲ ቃንዛ ወይ ዘይምጥጣሕ ኩሉ ከነጥፍኦ ከይንኽእል ንኽእል።




## ምስ የዕሩኽን ወይ ኣባላት ስድራ ምብጻሕ

ብዛእባ ኩነታትኩም ንፍቕረኛኹም ወይ የዕሩኽ ክፈልጡ ምግባር ኣገዳስን ጠቓሚ ስራሕ እዩ። ቀሊልን ዝነኣሰ ጊዜ ዝወስድ ንምግባር CaringBridge ዓውደ ፋእሚ ነጻ፣ ድሑን ውልቃዊ ንክትጥቀሙ ንመክር። እዚ ድማ ናይ ስእሊ መስቀሊ ቪዲዮን ጆርናል ምዝገባ ዓውደ ፋእሚ ውልቀ ከተዳልዉ የኽእለኩም። ዚያዳ ምፍላጥ እንተደሊኹም፣ ናብ Caringbridge.org/swedish ዓውደ ፋእሚ ምርኣይ።

## ዝሓጉስ ምስማዕ

ከም ተሓካሚ ሆስፒታል ኣባላት ስድራ ወይ የዕሩኽ ኣካልኩም፣ ኣይምሮኹምን መንፈስኩም ጽልዋ ዘህድር ፈተነታት ክገጥመኩም ይኽእል። ኣብ Swedish ዘለኩም ዝኾነ ድሌት ስምዒትን መንፈስን ከነማልዕ ንደሊ። ኣቓሸሽቲ ብትዕግስቲ ንምስማዕን ኣብ ዋኒንኩም ንምዝርራብ እንተተሓቲቱ፣ ክትህደሱ ወይ ክትጽልዩ ትረኽቡዎም። ብኽብረትኩም ከዛርቦ ዝደሊ ዝኾነ ሰብ እንተሊዩ ንግልጋሎት ወሃቢ ኣፍልጡ። እዞም ኣቅሸሽቲ ዓርሶም ከም ሃይማኖት ወይ መንፈስ ዘይሃስቡ ሓዊሱ ሃይማኖታዊን መንፈሳዊ ትግባራበት ኩሉ ንደቅሰባት ዘገልግሉ እዮም። ዘሕጉስ ምስማእ ንኹሉ ይርከብ።

## ናይ ጉብነይቲ መምርሒ

ናይ ሓገዝቲ የዕሩኽን ኣዝማድ ብህፁፅ ክትሓዊዩን ክትህደሱ፣ ዚያዳ ምቹእነት ክሰመዓኩም ኣብ ምህላዎም ንኣምን። ኣብዚ እነሃለኹ ክጉብነየኩም ክትዕድሞ ነተባብዕ። ብካልእ መዳይ፣ ክጉብነየኩም ዘይትድልዎ ዝኾነ ሰብ እንተሃልዩ፣ ክንፈልጥ ግበሩናሞ ሕቶኹም ምምልኡ እነረጋገጽ ይኸውን።

ሓደ ሓደ ጊዜ ክትኣርፉ ወይ ክትሕከሙ ዘለኹም ድሌት ወይ ኣብቲ ክፍሊ ካልእ ተሓካሚ ምህላዉ እንተዘይደሊኹም እቲ በዝሒ ንምውሳን ንነርስ ምሕታት ትኽእሉ። ናትኩም ነርስ ዝኾነ ፍሉይ ደረት ጉብናይ እንተሃሊዩ፣ ክትፈልጡ ትገብር። ኣብ ሆፒታል ካብ መደበኛ መጎብነይ ሰዓት ወጻኢ (5 a.m. ስጋብ 9 p.m.) እንተኾይኑ ደቂሰባት ንምቑጽጻር ዘኽእለና መለለይ ካርኒ ንጎብነይቲ ንፈቅድ። ኣብ Swedish ዝተወሰኑ ክፍልታት ጎብነይቲ ኩል ጊዜ መለለይ ካርኒ ከንጠልጥሉ ይህተቱ።

ኩሎም ጎብነይቲ ብክብርን ንካልኦት ምህሳብን መልክእ ክንቐሳቐሱ የድሊ። እዞም ንኽለቁ ዘይተሓተቱ በኽብረትኩም ዝመሓላላፍ ሕማም ዘለዎም (ኣብነት፡ ሰኣል፣ ዛሕሊ፣ ጉንፋዕ፣ ፈንጣጣ፣ ንፍዮ ወይ ጽግዕ) ዘለዎም ንኣኹም ወይ ኣብቲ ግልጋሎት ንዝኾነ ሰብ ከየመሓላልፉ ካብ ሆስፒታል ወጻእ ክጸንሑ ሕተቱዎም።

## ምስ Swedish ምርካብ

ንስኻትኩም ኣብዚ እነሃለኹምን ናብ ገዛ ምስ ተመለስኩም ብዛዕባ ጥዕና ሓበሬታ ንክትፈልጡ ከምኡ ድማ ዝማዕበለ ናይ ሕክምና ቴክኖሎጂን ካልኦት ንብዙሓት ሰባት ዝተፈላለዩ ድሌት ዘለዎ ርእሲ ብዝተፈላለየ መንገዲ ነበርክተልኩም።

ብኽብረትኩም ዓውደ ፋእሚ Swedish.org/about/engage ምጉብናይን ምስ Swedish ብ Facebook፣ Twitter፣ Google ን YouTube ተራኸቡ። ብተወሳኺ ናይ Swedish ብሎግ ኣብ Swedish.org/blog ምብጻሕ ትኽእሉ። ኣብቲ ፖስታ ናይ ርብዒ ዓመት ጋዜጣ ብዛዕባ ጥዕናን ጽሑፍ ወረቀት ንምርካብ ሽምኩምን ኣድራሻኹም ናብ swedish@mail-ad.com ምልኣኽ ወይ ብ 206-386-6797 ምድዋል።

## ነጻ ተራኸቦ ኢንተርኔት

ምስ ፍቕረኛኹም እናተራጎብኩም ንምጽናሕን ወይ ኢሜል ንምርኣይ ንኣኹምን ንንብነይትኹም ነጻ ተራኸቦ ኢንተርኔት ነበርክት። ከምኡ ድማ፣ ኣብ ዓውደ ፋእሚና ጥዕና፣ ሓበሬታ ናውቲ ንምብጻሕ፣ እዚ ተራኸቦ ምጥቓም ትኽእሉ፤ Swedish.org።

## ናይ ውልቀ ንብረታት

ኣብ Swedish ናይ ሕድ ሕድ ሰብ ድሕነትን ምቹእነት ንምርግጋጽ ኣብ እንገብሮ ጻዕሪ ናይ ሻንጣ/ቦርሳ ትሕዝቶ ናይ ምምርማር መሰል ኣለና። እዚ ደንቢ ኣብእትፍርምሉ ቅጥዒ ፍቓድ ምእታው ደንብታት ዝተሃንጸጸን ኣጽዋር ኩናትን ዘይህጋዊ መድሃኒት ንምጽራይ የኽእለና።

## ናይ ምትካኽ መምርሒታት

ናይ ተሓከምትና ጥዕና ንምሕላዉ፣ ኣብ Swedish ግሊጋሎት ውሽጢ ወይ ከባቢ ኅብነይቲን ሰራሕተኛታት ሽጋራ፣ ቶስካኖ፣ ሺሻ፣ ወይ ትምባሖ ፍጹም ዝተኸልከለ እዩ። ነርስኹም ትምባሖ ምግዳፍ እንተደሊኹም ክትሃግዘኩም ምእንቲ ትሃተኩም። መጽናእቲታት ህድ ሕድ ውልቀሰባት ምትካሕ ምግዳፍ ከምዝኅእሉ ትኽክለኛ ፕሮግራሙ የርኢ። ሓድ ሓደ ጊዜ ኣብ ሆስፒታል ምጽናሕ እዚ ንምግዳፍ ዝበለጸ እድል ይህብ። ብኽብረትኩም ንዝበለጸ ሓበሬታ ነርስኹም ምሕታት ወይ ናብ 1-800-QUIT-NOW ምድዋል።

## ብዛእባ ካልእ ምትካኽ ወይ ሓዊ ካልእ ፍልፍል ሓበሬታ ፖሊሲ

እታን ወይ ሽምዓ እንትውላዕ ሃይማኖታዊ ወይ ባህላዊ ክኸውን ከምዝኽልእ ንግንዘብ፤ ሓዊ ንምጅማር ወየ ጽፈት ኣየር ናይ ምንካይ ኣቕሚ ምህላዉ ምኽንያት ኣብ ውሽጢ ግሊጋሎት Swedish ክትጥቀሙ ኣይንፈቅድን። ሽምዓ ኣግባብነት ዝህልዎ ብህታዊ ቦታ ምስ ቀዲሙ ዝወሃብ ምልከታ ምስ ኣቖሸሸትና ይኸውን።

## ተፈጥሮዊ ጨናን ቅርበት ስምዒት

ሓያል ጨና ካልኦት ሰባት ምስክሕካሕ ዘኽእልን ንኣኣቶም ኣብ ጥዕና ጸገም ምብጻሕ ምኽንያት ስለዝኸውን ኣብ ውሽጢ ግሊጋሎት Swedish ዝኣቱ ሕድ ሕድ ሰብ ጨና፣ ናይ ሰብነት ሎሽን ወይ ኮሎኝ ካብ ምጥቃም ንኽቁጠብ ንሃትት።

## እንስሳታት

ናይ ግሊጋሎት ኣኽላባት (ወይ ቁንጭዕ ኣፍራስ) ናብ ዝኾነ ግሊጋሎት Swedish ምእታው ይፍቐደሎም። ኣብ ኪንግ ካውንቲ ዘለዉ ሆስፒታላት ናይ መድሃኒታዊ ሓገዝቲ እንስሳታት ይፈቅዱ። ፍቱው እንስሳ ኣይፈቀዱን። ናይ ግሊጋሎት እንስሳ ወይ መድሃኒታዊ ሓጋዚ እንስሳ ክንክንን ቁጽጽር ናይቲ ወናኒ ሓላፍነት ጥራሕ ይኸውን። እንስሳታትኣብ ትህቲ ዝኾነ ሰናይ ኣቢ ሰብ ምሉእ ቁጽጽር ክኾኑ ይግባእ። ናይ Swedish Medical Center ሰራሕተኛ ነቲ እንስሳ ክንክን፣ መግቢ፣ ጸጉሪ ምምሻጥ ተግባራት ወይ ዝኾነ ቦታ ምቕራብ ኣይኽእሉን። ናይዚ እንስሳ ምህላዉ ወይ ባህሪኡ ኣብ ጥዕና ወይ ድህነት ስግኣት እንተፈጢሩ ካብቲ ግሊጋሎት ክለቅቀ የድሊ።

## ስእሊን ቪድዮ ውልቀ ስርኣት

ሕድ ሕድ ሰብ እንትሰርሕ፣ እንትጉብንይ ወይድማ ኣብ ግሊጋሎት Swedish እንትሕከም ውልቃዊነቱን ናይ ምሕላዉ መሰል ኣለዎ። ብኽብረትኩም ኣብዚ እናሃለኹም ብጽሑፍ ፍቃዶም እንተይረኸብኩም ናይ ተሓከምቲ ስእሊ ምውሳድ፣ በቪድዮ ምሓዝ፣ ወይ ብድምፂ ምቕዳሕ ዝበሉ ተግባራት ብምግዳፍ ውልቃውነቶም ምህላዉ የድሊ። ብዘይ ፍቃድ ምቕዳሕ ኣብ ግዝኣት ዋሽንግተን ገበን እዩ።

# ናይ ሕክምና መዝገባትኩም

### ናይ ውልቀ ሓበሬታ ጥዕና ከምይ ንሕልዎ

Swedish ብመሰረት ፌዴራልን ግዝኣት ውልቀ ህግታት ናትኩም ሓበሬታ ጥዕና ኣጽኒዓ ትህሉ። ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝርከቡ ናይ ውልቃውነት ተግባራት ምልከታ ቅዳሕ ብምሕታት ዝተወሰኑ ናይ ውልቀ ደንብታትን ናትና ውልቃውነት መምርሒ ምርኣይ ትኽእሉ። ብቀሊሉ ንወሃቢ ግልጋሎት ምህታት ወይ ኣብ Swedish.org/medicalrecords ቀጥታ መስመር ምርኣይ። ወይድማ ጽሑፍ ቅዳሕ ንምህታት ብ 206-215-2613 ምድዋል።

### ናይ ጥዕና መዝገብኩም ከመይ ትረኽቡ

MyChart መግለጺ ናይ ኤሌክትሮኒክ መዝገብ ጥዕና ዝተወሰነ ኣካል ንምብጻሕ ቀጥታ መስመር ይህብ። ብዛእባ ናትኩም ጥዕና ሓበሬታ ንምርካብን ንምዕላይ ዘሕግዝ እቲ ኢንተርኔት ብህልዉ ንምጥቃም የኽእለኩም። ናይ ጥዕና ታሪኽ፣ ፈተና ቤተ ሙከራ ውጽኢት፣ ቆጸሮ ንምሃዝ፣ ትእዛዝ ንምሃብ መሊስካ ምምላእን ዚያዳ ንምርኣይ ኮምፒዩተር ስማርት ስልኪ ምጥቃም ዝበለጸ መንገዲ ይኾነልኩም። እዚ ውልቀን ንምጥቃም ዝቀለለ እዩ። ብዛዕባ መፍለይ MyChart ንዚያዳ ሓበሬታ ቀጻላይ ኣውደ ፋእሚ ምጉብናይ፡ Swedish.org/landing-pages/swedish-mychart።

### ሓበሬታ ንምልቓቕ ናይ ህክምና መዝገብ ቕዳሕ ምህታት፤

ናይ ጽሑፍ ሕቶ ብምቕራብ ናይ ሕክምና መዝገብኩም ቕዳሕ ናይ ምውሳድ መሰል ኣለኹም። ናይ ተባጽሖ ቅጥዒ ናይ ተሃከምቲ ሕቶ ምምራጽ ወይድማ ዝስዕቡ ተደለይቲ ነገራት ዘለዎ ደብዳበ ምጽሓፍ ትኽእሉ፤

1. ብውልቀ (ተሓካሚ) ዝተኸተመ
2. መዛግብቲ ንምቕባል ዝተሰየመ ሰብ ብንፁር ምፍላይ
3. እቲ ዝተሃለወ ቕዳሕ ሓበሬታ ጥዕና እንትትልእኹ ምፍላይ

መዛግብትኹም ንምሕታት ክትፈልጡዎ ትደልይዎ ዝሓዘ ፓኬት ኣብ ዴስክ ሓበሬታ ሆስፒታል ዝርከብ ኮይኑ ወይድማ ኣብ Swedish.org/medicalrecords ምርኣይ ይካኣል። ንዚዳ ሓበሬታ ብ 206-320-3850 መልቀቂ ሓበሬታ ክትራኸቡ ትኽእሉ።



# መምርሒታት ክንክን ህክምና

### ብዛእባ ናይ "ዳርጋ ኑዛዘ"ን ካልእ ቅድመ መምርሒታት

ውድመ መምርሒታት ዝገበርኩሞ ህክምና እንታይ ከምዝኾነ ዝነግረና ዝተጸሓፈ መምርሒ ኮይኑ ብዝኾነ መንገዲ እዞም ውሳነታት ብኣርስኹም ምግባር ኣይትኽእሉን። እዞም ሰነዳት ቅድሚ ምድላዎም ምኽታም እዚ ምስ ኣባላት ስድራ፣ የዕሩኽ ወይ ሃይማኖታዊ መማኸርቲ ክትዘራረብሉ ንመኸር። ቅድሚ መጥባሕቲ ኣብእተወጽሉ ወይድማ ቅድመ ምእታዉ ኣብዘሎ ጊዜ ናይ ክንክን ጥዕና መምርሒ (ሓደ ሓደ ጊዜ ናይ "ዳርጋ ኑዛዘ" ዝበሃል) ህጋዊ መዚ ውክልና (ንስኹም ምግባር ዘይትኽእሉ እንተኾይኑ ውሳነ ሕክምና ንምፍጻም ዝተሰየመ ውልቀ-ሰብ) ከምዙ ድማ ኣካል ገባሪ ሰናይ ምኽን ትደሊዩ እንተኾይኑ ክትሕተቱ ኢኹም። ኣብ ሆስፒታል እናተመርመሩ እናሃለወ ናብ ሕክምና መዝገብ ዝውስኾ ኣብትኣትዉሉ ነርስ ናይ ሕክምና ክንክን መብርሒ እንተሃሊኩም ምሃብ። መምርሒ ሕክምና ክንክን ብዛዕባ ምርካብ ዝኾነ ሕቶ እንተለኩም፣ ብኽብረትኩም ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ወይ ነርስ ሕተቱ።

### CPR መዓስ ኣገልግሎት ይህብ?

Swedish CPR (Cardio-Pulmonary Resuscitation) ናይ ሰብ ልቢ ወይ ሳምቡእ ብሃንደበት ደው እንትብል ይጥቀም። እዚ ኣፍልቢ እንትዕፀቕ ኣጠቓቕማ መድሓኒት ን/ወይ ምውቃዕ ልቢ ናብ ቦታኡ ንምምላስ ብኤሌክትሪክ ንዝረት መፈተኒ የካትት። CPR ዘይደልዩ ተሓከምቲ ናይ DNR (Do Not Resuscitate) ተሓከምቲ ከምዘይኮኑ ብምጥቃስ ናይ ዶክተር ጽሑፍ ፍቓድ/ትእዛዝ ክረኽቡ ይግባእ። ናይ DNR ተሓካሚ ንምዃን ወይ ካልእ ዝኾነ ሂወት ዘፅንሕ ሕክምና ዘይምቕባል ውስን ብዝኾነ መንገዲ ክንክን ካብ ምርካብ ኣይክልክልን።

### POLST እንታይ እዩ?

ካብ ኣቀዲሙ ዝግበር መምርሒ ብተወሳኺ ናይ POLST ዝበሃል ቅጥዒ ካብ ዶክተር ዝትቕበልዎ ሰነድ ንምውሳኽ ክመርፁ ይኽእሉ። POLST ናይ ሂወት መናወሒ ሕክምና ትእዛዝ ዶክተር ማለት እዩ። እዚ ሰነድ ምስዝቕደመ ሂወት ዝውስን ሕማም ወይ ከቢድ ሕማም ንዘለዎ ዝኾነ ሰብ ይምከር። ወሃብቲ ግልጋሎት ናይ ተሓካሚ ድሌት ኣብ መወዳእታ ሂወት ሕክምና ዘይደልይዎ ወይ ዝደልይዎ ኣይነት መናወሒ ሂወት ሕክምና እንታይ ከምዝኾነ ብምሕባር ዝተወሰነ ትእዛዝ ዶክተር ብንቱር ድሌቱ ንምውካል POLST ይጥቀመሉ።

### ናይ ስነ-ኣእምሮ ናይ ጥዕና ኣቀዲሙ ዝግበር መምርሒ (Mental Health Advance Directive) እንታይ እዩ?

ናይ Mental Health Advance Directive ሰነድ፣ ኣብ መጻኢ ዝውሃብ ናይ ስነ-ኣእምሮ ክንክን ብኸመይ ክግበረልካ ከምትደሊ ዝገልጽ ብጽሑፍ ዝቐርብ ሰነድ እዩ። ልክዕ ዳርጋ ኑዛዘ እዩ። ብምኽንያት ክስተት ሕማም ኣእምሮ ፅቡቕ ውሳነ ምሃብ ኣብዘይትኽእልሉ "ዓቕሚ እንተስኢንኩም" ጥራሕ ተፈፃሚ ይኸውን። ካልእ ሰብ ኣብ ክንዳኻ ናይ ስነ-ኣእምሮ ጥዕና ውሳነታት ንኽገብረልካ ሕጋዊ ስልጣን ዝህብ መምርሒ ከተዳሉ እሞ፣ ነቲ ክትረኽቦ እትደልዮን ዘይትደልዮን ናይ ሕክምና ዓይነት ብዝምልከት መምርሒታት ክትጽሕፍ ትክእል ኢኻ። ናይ Mental Health Advance Directive (ኣእምሮዊ ጥዕና ቅድሚ መምርሒ) ብሕጊ ናይ ዋሽንግተን ስቴት ፍቑድ እዩ።

### ኣጸጋሚ ዝኾኑ ስነ-ሞራላዊ ውሳነታት ንምሃብ የሕግዝ

ሓደ ሓደ ጊዜ ተሓከምትን ስድራቤቶም ዝተሓላለኸ ሕክምና ውሰነ ይገጥሞም። ናይ ስነ-ሞራል ኮሚቴና - ናይ ተሓካሚ ብሉፅ ድሌት ዝሃዙ ዶክተራት፣ ነርስታትን ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት ዘካተተ እንተኾነ ንስኹም ወይ ስድራ ንውሳነ ሓገዝ እንተደሊኹም ንምኽሪ 24/7 ይርከቡ። ነርስኹም ዝያዳ ሓበሬታ ክትህበኩም ትኽእል።

### ናይ ኣካል ህያብ

ናይ ኣካል ወሃቢ ሙኳን ናይ ልግሲን ፍቕሪ ተግባር እንትኾን ኣብ ሃደ ሂወት ዘይኮነስ ግን ዳርጋ 50 ሂወት ዓብይ ለውጢ ከምፅእ ይኽእል! ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ኣስታት 120,000 ሰባት ኣብ መፀበይ ዝርዝር ዘለዉ ኮይኑ ምቹእ ሊጋሲ ቅድሚ ምህላዉ ብዙሓት ሰባት ተጎዲኦም እዮም። ስድራ ወሃብቲ ኣካል ናቶም ኣካል ናብ ካልእ ሰብ ኣትዩ ሓድሽ ሂወት ምትንፋሱ ምስፈለጡ ስምዒት ሓዘንኦም ከምዝነከየ ገሊፆም። ቅድም ኢሉ ከም ወሃቢ ኣካል እንተዘይገሊፅኩም፣ ምስ ስድራን የዕሩኽ ተዘራረብሉ።

ዝዳ ንምፍላጥ፣ ናብ ቀጻሊ ዓውደ ፋእሚ Life Center Northwest እተዉ፤ Lcnw.org/ ወይ ኣብ Donatelifetoday.com  ሂወት ሃቡ ወይ ብ 1-877-275-5269 ደዉሉ።

# ናይ ተሓከምቲ መሰላት

**Swedish Medical Center ከም ተሓካሚ መሰልኩም ክትፈልጡ ይደሊ። መሰላትካ ንክሕለዉ ዝከኣለና ኹሉ ክንገብር ኢና። ኣብ Swedish ከም ተሃካሚ ዝስእቡ መሰላት ኣለኩም፤**

- ብክሊኒክ ኣገዳሲ ወይ ምኽንታዊ ደረት እንተዘይሃሊ፣ ብናትኩም ውሳነ ጎብነይቲ (ወከልትኹም) ምሕታት፣ ምንየግ ወይ ምቕባል።
- ብኩሎም ሰራሕተኛታት ሆስፒታል ብትሕትና፣ ብክብረትን ኣኽብሮት ምትዕንጋድ።
- ብዛዕባ ሕክምና እንትትውስኑ ውልቃዊ፣ ባህላውን መንፈሳዊ ዋጋታትን እምነታት ናብ ግምት ኣእትዉ።
- ኣብ ሆስፒታል ደቂስካ ንምሕካም መእተዊ ዝኾነ ምርጫኹም ወይ ሓኪምኩም ኣፍሊጥኩም።
- ዝነኣሰ ሕክምና ክረክብ ኢልካ ብዘይ ምፍራሕ ብዛዕባ ክንክንኻ ዘለኻ ዝኾነ ጥርዓን ብዝምልከት ተዛረብ። ነዝለዉኻ ስግኣታት ኣብ ግቡእ ግዚኡ ከምዝርኣየልካ ምግባርን፣ ኣድላዪ እንተኾይኑ ኸኣ ሓጋዚ ወይ ጠበቃ ምግባርን፣ ኣብ ጉቡእ ግዜ ኸኣ ነቲ ጉዳይ መፍትሒ ምሃብ። ብዛዕባ ዘለዉኻ ስግኣታት ብጽሑፍ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣሎካ።
- ናይ ወሃቢ ክንክን ሽምን ሓላፍነት ምፍላጥ።
- ክንክንኻ ናይ ጠዕና ክንክን ወሃብቲ ስልጠና ዘካትት ከምዝኾነ ምፍላጥ። ንምስታፍ ሕራይ ወይ እምቢ ናይ ምባል መሰል ኣሎካ።
- ብዛዕባ ምርመራ፣ ሕክምናን ቅድመ ገምጋም ብትግንዘብዎ መልክዕ ዝተማለአን እዋናዊ ሓበሬታ ምርካብ። ኩሉ ዝውሃብ መግለጺታት ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልሉ ክኾኑ ይግብኦም፤
  - ናይቲ ስርኣት ወይ ሕክምና መግለጺን ንምንታይ ከምዝግበር
  - ዝህሉ ረብሓታት
  - ዝፍለጡ ከቢድ ጓል ሳዕቤን፣ ስግኣታት ወይ ዕንቅፋት
  - ኣብ እዋን ምሕዋይ ዘጋጥሙ ፀገማት
  - ዕድላት ዓወት
  - ክግበሩ ዝኽእሉ ካልኦት ስርኣታት ወይ ሕክምናታት
- እንግሊዝኛ ዘይትዛረብ እንተኮንካ፣ ካልኣይ ቋንቋኻ እንተኾይኑ ወይ ጸማም፣ ዘይሰምዕ ወይ ዘይርኢ ጉድኣት ኣካል ዝርርብ እንተለካ፣ መስተርጎሚ ወይ መራኸቢ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል። ዝወሃብ ሓበሬታ ምስቲ ዘሎካ ዕድመን ጠለብን ዝሳነ ክኸውን እዩ። ብቑዕ ዝኾነ ግልጋሎት መስተርጎሚን ሓገዝቲ መሳርሒታት ብዘይ ክፍሊት ይወሃቡ።
- ክንክን እንትትለኻ ምስ ሓኪምን ካልእ ወሃቢ ክንክን ምስታፍ።
- ናይ ሕክምና ውፅኢትካ ኣዎንታዊ፣ ኣሉታዊ፣ ዝተፀበኻዮ ወይ ዘይተፀበኻዮ ምፍላጥ።
- መዝገብ ሕክምናን መግለፂ ሕድ ሕድ መዝገብ ኣብ ውሽጢ ምኽንያታዊ እዋን ምሕታትን ምቕባል።
- ዝኾነ ስርኣት፣ መድሓኒት ወይ ሕክምና ምንየግን ብዛዕባ ውፅኢት ውሳነኻ ምፍላጥ።
- ብምኽንያት ምግዳድ፣ ዲሲፐሊን፣ ምቹእነት ወይ ምፍዳይ ሕነ ካብዝመጽእ ግትኣት ወይ ምንጻል ነጻ ምዃን። ግትኣት ወይ ምንጻል ናይ ተሓካሚ ኣካላዊ ድሕነት ንምርግጋፅ ጥራሕ ዝግበርን እቲ ብሰራሕተኛን ካልእ ናይ ሆስፒታል ሰብ ዝተገበረ ባህሪ ምስተዓረየ ይቕሪ።
- ቅድመ ሕክምና መምርሒ ምግባር ኣብነት ናይ ክንክን ጥዕና ወይ ዳርጋ ኑዛዘ፣ መዚ ውክልና ወይ ናይ ሓኪም መናውሒ ሂወት ሕክምና ትእዛዝ (POLST) ን ወሃብቲ ክንክን ድሌትካ ንኽከታተሉ። ኣብ ዝሓተትካሉ እዋን፣ ተወሳኺ ሓበሬታ ክርከብ ዝኽእል እንተኾይኑ ምርካብ።
- ውልቃዊ ውልቃውነት ምስ ድሌት ክንክን ብዝስማማዕ መንገዲ። ናይ ነፍሲ ወከፍ ተሓካሚ ብሕታውነት ብዝሕሉ መገዲ፣ ጉዳያት ምምይጥ ክግበረሎም እዩ፣ ምኽሪ ክወሃብ እዩ፣ ምርመራን ሕክምናን ክወሃብ እዩ።
- ኣብ ክንክን ስራሕ ዘሎ ዋና ሓኪምን ኣብ ዋኒንካ ክማኸሩ ዝኽእሉ ዝኾኑ ሓከምቲ ምፍላጥ።
- ምስ ክንክንኹም ተዛማዲ ዝኾነ ተራኽቦታትን መዛግብቲ ኹሉ ብምሽጥር ምሕላዉ።
- ሓጋዚ ክንክን ናይ ቃንዛ ኣግባብ ዘለዉ ምዘናን ኣተኣላልያ፣ ዘይምቹእ ምልኽት ሕክምናን ስነ-ልቦናዊን መንፈሳዊን ድሌት ወይ ምስ ኩነት ጥዕና ወይ ውሳነ ዝምልከት ይሓውስ።
- ኣብ ድሕነ ኩነት ክንክን ምርካብን ካብ ዝኾነ ኣይነት መጥቓዕቲ ወይ ምፍርራሕ ነጻ ምዃንን ናብ ግልጋሎታት ሓላዊ ብጽሒት ምርካብ።
- ሕቶታት ስነ ሞራላዊ ወይ ምስ ክንክንኹም ተዛማዲ ዝኾኑ ዋኒናት ብዝምልከት ካብ ናይ ስነ ሞራላዊ ኮሚቴ ሓገዝ ምሕታት (ሕቶታት ስድራን ወይ ጎብናይ ሓዊሱ)።
- ብሕቶኻ ብሕክምና ዝግባእን ብሕጊ ዝፍቐድ እንተኸውን ናብ ካልእ ግልጋሎት ምዝውዋር። ካልኦት ኣማራጽታት እንተለዉ፣ ናብ ካልእ መሳለጥያ ስለምንታይ ትዛወር ከምዘለኻ፣ ሙሉእ መግለጺ ናይ ምውሃብ መሰል። እቲ እትዛወረሉ መሳለጥያ፣ ኣቐዲሙ ከም ተሓካሚ ክቕበለካ ይግባእ።

- ክንክንኻ ምርምርን ሜላ መፅናዕቲ ሕክምና ምሕዋሱን ኣብ እዋን ምርምር ፈተነ ክሊኒክ ምሕላዉ ምፍላጥ። ንምስታፍ ሕራይ ወይ እምቢ ናይ ምባል መሰል ኣሎካ። ንምስታፍ ምእባይ ነቲ ኣብ Swedish እትረኽቦ ዝኾነ ክንክን ካብ ምርካብ ኣይክልክለካን እዩ።
- ኣብ ሆስፒታል ብተሓካሚነት እንተሃለኻ እቲ ክንክን ሆስፒታል ዘየድሊ እንተኾይኑ መማረጺ ክንክን ፍለጥ። ካብ ሆስፒታል ንትወጸሉ እዋን ኣብ ዝወጽእ መደብ ናይ ምስታፍ መሰል ኣሎካ።
- ናትካ ቅብሊት ምምርማርን ንክንክን ከመይ ከምዝኸፈልካ ዝምልከት ናይ ክፍሊት መግለጺ ምቕባል።
- ብዛዕባ ፖሊሲ፣ ደንቢ፣ መምርሒ ወይ ምስ ክንክን ተፈጻሚ ዝኾኑ ደንብታት ሆስፒታል ምፍላጥ።
- ናትካ ክንክን ብዝምልከት ንስኻ ወይ ተወካልኻ ብሓበሬታ ዝተደገፈ ውሳነ ሃብ።
- ኣባላት ስድራ ወይ ኣብ ክንክን ውሳነኻ ካልኦት ወሰንቲ ኣካትት።
- ብሰመረት ተፈጻሚ ህጊ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ሓበሬታ ምርካብ መመሓየሺ ንምግባር ምህታት ተባጽሆ ኣለካ።
- ብዛዕባ ዘይተሓሰበ ውጽኢት ክንክን ፣ ሕክምናን ግልጋሎት ሓበሬታ ይሃልኻ።
- ንስኻ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ መሰላት ምግባር ዘይትኽእል እንተኾይንኻ፣ እዚ ንምስራሕ ዝኾነ ሰብ ብህጊ ምስያም።

# ናይ ተሓካሚ ሓላፍነታት

**ኣብ Swedish፣ ኣብ ክንክን ጥዕናኻ ኣድማዒ ተራ ክንጻወት ኢና እንደሊ። ኣብ Swedish ከም ተሃካሚ ዝስእብ ሓላፍነት ኣለኩም፤**

- ብዛዕባ ናይ ሕክምና ታሪኽካ ዝተማልኤን ልክዕ ዝኾነ ሓበሬታ ምሃብን፣ ኣብት ናይ ክንክን ጥዕናኻ ንዝተሳተፉ ሰባት ጠለባትካ ምፍላጥ።
- ብዛዕባ ክንክንካ ኣብ ዝግበሩ ውሳነታት ምስታፍ።
- ብዛዕባ ጋሻ ዝኾኑ ናይ ኣሰራርሓ ተግባራትን መስርሓትን ሕቶ ምሕታት።
- ኣብ ጥዕናኻ ንዝርኣዩ ዝኾኑ ለውጥታት ንሓኪምካ ወይ ነታ ነርስ ምሕባር።
- ናይቲ ዝተዋህበካ ናይ ክንክን መደብ ምስዓብ።
- ብዛዕባ ካልኦት ተሃከምቲ ሓሳቢ ብምኸን ከምኡ ድማ ጎብነይትኻ ማዕረ ከምዝሓስቡ ንምርግጋጽ ሓግዝ።
- ንፖሊሲታት ናይቲ ሆስፒታልን ሰራሕተኛታትን ምኽባር።
- ንዝውሃበካ ሕክምና እትኸፍለሉ መገዲ ምድላው።
- ንወሃብቲ ክንክንካ ምኽባርን ንመምርሒ ናይቲ ሆስፒታል ምኽባር። እዚ ኸኣ ነቲ ክውሃብ ዝኽእል ዝበለጽ ክንህበሉ እንኽእለሉ፣ ካብ ሓደጋ ናጻ ዝኾነ ከባቢ ንኽህሉ ይሕግዝ። ኣብ ከይዲ ጎንፊ ተሓከምቲ ጥጡህ ከባቢና ኣብዝጎድእሉ ጊዜ እቲ ሓኪም ምስፈለጠ ካብ ሆስፒታል ምውጻእ ክገጥም ይኽእል።



# ናይ ተሓካሚ ቼክ ሊስት

**ጻንሒት ሆስፒታልኩም መሊስኩም እግሪ ምትካል ፅቡቕ ንክኀውን ንደሊ። ንኣኹም ዘሀግዘኩምን ብዛእብ ክንክነኩም ዝፈልት ኣባል ስድራ ወይ ኣርኪ ክትመርጹ ነተባብዕ። ንስኹምን ዝኾነ ሓጋዚ ሰብ ኣብ ምድሃንኩም ወሳኒ ተራ ይጻወት።**

**ብኽብረትኩም ምስዛዘምኩም ኣብ ታህቲ ዘሎ ሰደቓ ምልክት በምግባር ዘለኩም ዝኾነ ሕቶ ጸሓፉ።**

ናተይ ሓጋዚ ሰብ፤ ______________________________

ቁጽሪ ተለፎነይ፤ ______________________________

ካብ ሆስፒታል ኣብ... ንምልቃቅ ዕፀበ፤ ______________________________

ናተይ ትራንስፖርት/መኼዲ ገዛ ምስተዳልዩ፤ ______________________________

ኣብ ሆስፒታል ዘለኹሉ ምኽንያት፤ ______________________________

**ኣነ ኣብዚ እናሃለኹ...**

- [ ] መድሓኒተይ፣ ህክምናን ምርመራ እግንዘብ።
- [ ] ከንድ ዝካኣል ምቺእ እየ።
- [ ] ከንድ ዘካኣል ኣብቲ እለታዊ ተግባራት እንዳተሳተፍኩ እየ።

**ቅድሚ ምልቃቀይ...**

- [ ] ኣየናይ መድሓኒት ምውሳድ ከምዘሊ፣ ንምንታይን እንታይ ኣይነት ጓል ሳዕቤን ከምዘለዎ ምርኣይ እፈልጥ። ከመይን ኣበይን ከምዝርከብ እፈልጥ።
- [ ] ናተይ ኩነት/ህማም ከምኡ ድማ ዝጵብጸብ ምልክት እግንዘብ።
- [ ] ኣየኖት ተግባራት ንኣይ ምቺእ ከምዝኾኑ እፈልጥ።
- [ ] እንታይ ምብላዕ ከምዝኽእል እፈልጥ።

**ንምኻድ ደልዉ ምኻን...**

- [ ] ከድልኒ ዝኽእል ዝኾነ ናውቲ ንምርካብ ትልሚ ኣለኒ።
- [ ] ኣየናይ ዶክተር ከምዝድውለሉ እፈልጥን ቁጽሪ ስልክኦም ኣለኒ።
- [ ] ናይ ክትትል ቖፀራይ ተፈጺሙ።
- [ ] ሕቶታተይ ተመሊሶም።

# ሕቶታት ክፍሊት

ናብ ገዛ ንምኻድ እንትትዳሎ ብዛእባ ቅብሊት ሆስፒታል ሕቶታት ክህልወካ ይኽእል። ኢንሹራንስይ ዝኽፈለሉ ድዩ ዝኸውን? ክንደይ ዝኣክል ክኽፍል ይግባኣኒ? ኩሉ ሃደ ጊዜ ምኽፋን እንተዘይኽኢለስ? ብኽብረትኩም ዝኾነ ሕቶ ናብ ስራሕ ቦታ ብ 206-320-5300 ወይ ናብ 1-877-406-0438 ምርሑ ወይ ብነጻ ምድዋል። ኣብዚ ኣድራሻ ዓውደ ፋእሚ ዚያዳ ዝሃሸ ሓበሬታ ምርካብን ወይድማ ብቐጥታ መስመር ቅብሊት ምክፋል ይካኣል፤ Swedish.org/billing።

**ካልኦት ዝተኣሳሰሩ ቀንዲ መቕረብቲ፤**

- AMR (Ambulance) 800-913-9106
- Cellnetix 800-374-4045
- LabCorp 888-680-4140
- US Anesthesia Partners – Washington 888-900-3788
- Pacific Anesthesia (Edmonds campus) 425-407-1500
- Radia Imaging 888-927-8023

**ሓገዝ ፋይናንስ**

Swedish ናይ ደቂ ሰባት ድሌት ጥዕና ምኽፋል ይከኣሉ ወይ ኣይከኣሉ ክንክን ይገብር። ብዝኾነ ዋኒን ፋይናንስ ዚያዳ ዝነከየ ክንክን ህክምና ንምግባር መንገዲ ሓዊሱ ምስተሓከምትና ንሰርሕ። ናይ Swedish ሆስፒታላት ናይ ሕክምና ወጻኢ ምኽፋል ንዘይከእሉ ብቑዓት ተሓከምቲ ሓገዝ ፋይናንስ የበርክት። እዚ ናይ ጥዕና ክንክን ኩሉ ወይ ከይዲ ንምኽፋል ጸገም እንተሊኩም፣ ብኽብረትኩም ንህና ከመይ ክንሃግዘኩም ከምንኽእል ምስ ተሓካሚ ፋይናንስ መማኽሪ ወይ ዓሚል ግልጋሎት ተወካሊ ተዛረቡ። ንሳቶም ብ 877-406-0438 ምርካብ ወይ ኣብ ዓውደ ፋእሚ Swedish.org/patient-visitor-info/billing ይርከቡ።



# ርኢቶን ዋኒናት

**ኣብ Swedish ብዛእባ ጻንሒትኩሙ ርኢቶ ወይ ዋኒን**
Swedish Medical Center ተሓከምቲ ብዘይ ፍርሕን ክንክኖም እንክይተጎድአ ዋኒኖም ዘጋውሕሉ ደንቢ ኣለዎ። ብዛዕባ ኣብ ሆስፒታልና ዝረኸብኩሞ ክንክን ጥዕና ንስኻ ወይ ኣባላት ስድራ ጥርኣን እንተሊኩም፣ ብኽብረትኩም ምስ ዝኾነ ሓላፊ ወይ ኣብ ክፍሊ ዘሎ ኣበል ሰራሕተኛ ንምዝራብ ነጻ ኹኑ። ኣብ እዋን ጻንሒትኩም ክንድዝካኣል ብህፁፅ ዘየኣግብ ዋኒን ንምፍታሕ ንጽእር።

**ምስ እዞም ዝስዕቡ ኸአ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ፤**
ንህክምና ክንክን ዋኒናት፤
Clinical Quality Investigations (clinical-care issues)
747 Broadway
Seattle, WA 98122-4307
206-386-2111
ኢሜይል፤ SMC-CQI@swedish.org

**ናይ ዓማዊል ተሞክሮ ዋኒናት፤**
ኣብ ጻንሒት ሆስፒታል ዋኒን፣ ትርኣን ወይ ናይ ክሊኒክ መንጽር ብዛእባ ዘይኮኑ ኣወንታዊ ተዘክሮ እንተሃሊኩም፣ ብኽብረትኩም ኢሜይል ግበሩ፤
CustomerExperience@swedish.org

ከምኡድማ ጻንሒት ሆስፒታልኩም ዝምለከት ዋኒን ምስ ጥዕና መምርሒ ግዝኣት ዋሽንግተን ወይ ናይ ሆስፒታል መረጋገጺ ኤጀንሲ፣ Det Norske Veritas (DNV) ናይ ምርኻብ መሰል ኣለኩም።

Washington State Department of Health
Health System Quality Assurance Complaint Intake
P.O. Box 47857
Olympia, WA 98504-7857
1-800-633-6828
ኢሜይል፤ HSQAComplaintIntake@doh.wa.gov

Det Norske Veritas (DNV)
DNV-GL Healthcare
Attn: Hospital Complaints
400 Techne Center Drive, Suite 100
Milford, OH 45150
1-866-496-9647
ኢሜይል፤ Hospitalcomplaint@dnvgl.com

**ንሶም ተረባሒ ሜዲኬር እንተኾይኖም፤**
ንሶም ተረባሒ ሜዲኬር እንተኾይኖምን ጽሬት ክንክን ዝምለከት ዋኒን፣ ሽፋን ሜዲኬር ቅድሚ ምህዋይ ምውጻእ እንተሃሊዩ ምስ KEPRO ምርኻብ ትኽእሉ፤

KEPRO
1-888-305-6759
TTY: 1-855-843-4776

**ክሊኒክ መሰረት ዝገበረ ዋኒን፣ ብኽብረትኩም [illegible]**
Swedish ጉጅለ ህክምና (ክሊኒካት)
ዋኒናት ናብ ክሊኒክ ስራ ኣካያዲ ምምራሕ ወይ ተራኸቦ ተሓከምቲ፡
206-215-2979
ኢሜይል፤ SMG-PatientRelations@swedish.org

# ዘይንጽልን ተበጻሕነት መሰል ምልክታ

ተፈጻሚ ዝኾነ ህግታት መሰል ህዝቢ ፌዴራል ብምኽባር ብዓሌት፣ ቀለም፣ ዜግነት ዕድመ፣ ጉድኣት ኣካል ወይ ፆታ ኣይንንፅልን። Swedish ብብዓሌት፣ ቀለም፣ ዜግነት ዕድመ፣ ጉድኣት ኣካል ወይ ፆታ ምኽንያት ብዝተፈሌ ኣይተሕዝን ሰባት ኣይትነጽልን። Swedish፤

(1) ምሳና ብኣግባቡ ንምርኻብ ንጉድኣት ኣካል ነጻ ሓገዝን ኣገልግሎት ኣብነት፡ (a) ብቑኣት ናይ ምልክት ቀንቀ መስተርጎምቲ ን (b) ብካልእ ፎርማት ናይ ጽሑፍ ሓበሬታ (ገዚፍ ህትመት፣ ድምጺ፣ ተበጻሒ ኤሌክትሮኒክ ፎርማት፣ ካልኦት ፎርማት) ይወሃብ።

(2) ኣፍ መፍትሒ ቋንቋኦም እንግሊዝኛ ንዘይኮኑ ሰባት ኣብነት (a) ብቁዕ መስተርጎሚ ን (b) ብካልእ ቋንቋ ዝተጽሓፈ ሓበሬታ ነጻ ናይ ቋንቋ ግልጋሎት ይወሃብ።

ኣብ ዘሎ ዝኾነ ግልጋሎት እንተደሊኹም፣ ብኽብረትኩም ኣብ ታህቲ ምስ ዘሎ ኣግባብ ዘለዎ መተሓባበሪ መሰል ሲቪላት ተራኸቡ። ናይ ቴሌኮሙኒኬሽን መመሃላለፊ ግልጋሎት እንተደሊኹም፣ ብኽብትኩመብ ናብ 1-800-833-6384 ወይ 7-1-1 ደውሉ።

Swedish ብመሰረት ዓሌት፣ ቀለም፣ ዜግነት፣ ዕድመ፣ ጉድኣት ኣካል ወይ ፆታ ብካልእ መንገዲ ከምዝነጸለትን እዞም ግልጋሎታ ምሃብ ከምዘይኸኣለት እንተኣሚንኩም፣ ኣብ ታህቲ ዝተዘርዘረ ንከባቢያዊ ግልጋሎትኩም መተሓባበሪ መሰል ሲቪላት ብምርካብ ኣብ Swedish ጥርኣን ፋይል ምኽፋት ትኽእሉ፤

| ቦታ ግልጋሎት | መተሓባበሪ መሰል ሲቪላት |
|---|---|
| ብዘይ Swedish ኤድመንድ ኩሉ ቦታ | Civil rights coordinator, 101 W. 8th Ave., Spokane, WA 99204<br>ቁጽሪ ተለፎን፤ 1-844-469-1775፤ መስመር መተርጎሚ፡ 1-888-311-9127<br>ኢሜይል፤ Nondiscrimination.WA@providence.org |
| Swedish Edmonds | Civil rights coordinator (Bed Control), 21601 76th Ave. W. Edmonds, WA 98026<br>ቁጽሪ ተለፎን፤ 1-844-469-1775፤ መስመር መተርጎሚ፡ 1-888-311-9178<br>ኢሜይል፤ Nondiscrimation.SHS@providence.org |
| ላዕለዋይ ግልጋሎታት | Civil rights coordinator, 2811 S. 102nd St., Suite 220, Tukwila, WA 98168<br>ቁጽሪ ተለፎን፤ 1-844-469-1775፤ መስመር መተርጎሚ፡ 1-888-311-9127<br>ኢሜይል፤ Nondiscrimination.pscs@providence.org |

እዚ ጥርኣን ብኣካል ወይ ብፖስታ፣ ፋክስ ወይ ኢሜል ምክፋት ይካኣል። ጥርኣን ኣብ ምክፋት ሓገዝ እንተኣደሊኩም፣ ኣብ ላዕሊ ዝተጻርሑ መተሓባባሪ መሰል ሲቪላት ክሓግዝኹም ድልዋት እዮም።

ከምኡ ድማ ኣብ መምርሒ ጥዕናን ግልጋሎት ደቅሰባት ዩኤስ ቤት ጽሕፈት መሰል ሲቪላት ብቤት ጽሕፈት ጥርኣን ፖርታል ኣቢልኩም ብኤሌክትሮኒክ ናይ ጥርኣን ፋይል ምኽፋት ይካኣል https://ocrportal.hhs.gov/ocr/portal/lobby.jsf ወይ ብደብዳቤ ወይ ብተሌፎን ካብዚ ርከቡ፤

U.S. Department of Health and Human Services
200 Independence Ave. SW
Room 509F, HHH Building
Washington, DC 20201
1-800-368-1019, 800-537-7697 (TDD).

ናይ ጥርኣን ቅጥዒታት ካብዚ ርከቡ http://www.hhs.gov/ocr/office/file/index.html።

We do not discriminate on the basis of race, color, national origin, sex, age, or disability in our health programs and activities.

ATENCIÓN: Si habla español, tiene a su disposición servicios gratuitos de asistencia lingüística. Llame al 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (TTY: 711).

注意：如果您講中文，我們可以給您提供免費中 文翻譯服務，請致電 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (TTY: 711 )

CHÚ Ý: Nếu bạn nói Tiếng Việt, các dịch vụ hỗ trợ ngôn ngữ miễn phí có sẵn dành cho bạn. Gọi số 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (TTY: 711).

PAUNAWA: Kung nagsasalita ka ng Tagalog, maaari kang gumamit ng mga serbisyo ng tulong sa wika nang walang bayad. Tumawag sa 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (TTY: 711).

주의: 한국어를 사용하시는 경우, 언어 지원 서비스를 무료로 이용하실 수 있습니다. 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (TTY: 711) 번으로 전화해 주십시오.

ВНИМАНИЕ: Если вы говорите на русском языке, то вам доступны бесплатные услуги перевода. Звоните 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (телетайп: 711).

ՈՒՇԱԴՐՈՒԹՅՈՒՆ. Եթե խոսում եք հայերեն, ապա ձեզ կարող են տրամադրվել լեզվական աջակցության անվճար ծառայություններ: Զանգահարեք 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (հեռատիպ (TTY)՝ 711).

يُرجى الانتباه: إذا كنتم تتكلمون اللغة العربية، فأعلموا أن خدمات المساعدة اللغوية متوفرة مجاناً لكم. اتصلوا برقم الهاتف 888-311-9127 [أو برقم الهاتف 888-311-9178 عند الاتصال بالمركز الطبي السويدي في إدموندز (Swedish Edmonds)] (أو بخط المبرقة الكاتبة TTY لضعاف السمع والنطق على الرقم 711).

توجه: اگر به زبان فارسی صحبت می کنید، تسهیلات زبانی بصورت رایگان برای شما فراهم می باشد. با شماره 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (TTY:711) تماس بگیرید.

注意事項：日本語を話される場合、無料の言語支援をご利用いただけます. 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178)（TTY:711）まで、お電話にてご連絡ください.

ਧਿਆਨ ਧਿਓ: ਜੇ ਤੁਸੀਂ ਪੰਜਾਬੀ ਬੋਲਿ ਹੋ, ਤਾਂ ਭਾਸ਼ਾ ਧਵਿੱਚ ਸਹਾਇਤਾ ਸੇਵਾ ਤੁਹਾਡੇ ਲਈ ਮੁਫਤ ਉਪਲਬਿ ਹੈ। 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (TTY: 711) 'ਤੇ ਕਾਲ ਕਰੋ।

សូមចាំអារម្មណ៍៖ ប្រសិនបើលោកអ្នកនិយាយភា សាខ្មែរ នោះសេវាជំនួយផ្នែកភាសានឹងមានផ្តល់ជូន លោកអ្នក ដោយឥតគិតថ្លៃ។ សូមទូរស័ព្ទទៅលេខ 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (TTY: 711)។

ध्यान दें: यदि आप हिंदी बोलते हैं तो आपके लिए मुफ्त में भाषा सहायता सेवाएं उपलब्ध हैं। 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (TTY: 711) पर कॉल करें।

LUS CEEV: Yog tias koj hais lus Hmoob, koj tuaj yeem siv cov kev pab txhais lus pub dawb. Hu rau 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (TTY: 711).

โปรดทราบ: หากคุณพูดภาษาไทย คุณสามารถใช้บริ การความช่วยเหลือทางภาษาได้โดยไม่มีค่าใช้จ่าย โทร 888-311-9127 (Swedish Edmonds 888-311-9178) (TTY: 711)

1717763 Swedish 01/17

# ምልክታታት



ናይ SWEDISH ብመጥባሕቲ ከፉል ኣካል ናይ ምምሕልላፍ ተሓካሚ ዝኖነ ሊዮ ምስ ጓሉ ማሪያ

# ብሉፅ ሃያብነት ከምዚ ኣይነት ፃት ቀሊል ይገብሮ

ሊዮ ናይ ኩሊት ምምሕልላፍ ምስደለየ ሃገዝ ንምርካብ ናብ Swedish ሕቶ ኣቕሪቡ።
ናይ ክንክን ጉጅሉ ፈጠራዊ ኣተሃሳስባ ሂወቱ ክድኽን ጌሩ።

ሃያብነትኩም ብሉፅ ክንክን ጥዕና ዝኸውን ብምግባር ከም ሊዮ ኣይነት ተሓከምቲ ተስፋ ይህቦ።

ኣብ ቀጻሊ ዓውደ ፋእሚ ሕጂ ሃብ **Swedishfoundation.org/generosity**።

SWEDISH
MEDICAL CENTER
FOUNDATION

206-386-2738 | Foundation@swedish.org | Swedishfoundation.org

*ንመኸሰብ ጠጠው ዘይበለ ትካል ስለዝኾነ፣ ናብ Swedish ዝግብር ውህበቶ ብህጊ ከምዝፍቀድ ካብ ግበሪ ዝንከ ይኸውን።*
*ንሃያብነትኩም ነመስግን።*

**BALLARD**
5300 Tallman Ave. NW
Seattle, WA 98107-3932
**ቁጽሪ ተሌፎን** 206-782-2700

**CHERRY HILL**
500 17th Ave.
Seattle, WA 98122-5711
**ቁጽሪ ተሌፎን** 206-320-2000

**EDMONDS**
21601 76th Ave. W.
Edmonds, WA 98026-7507
**ቁጽሪ ተሌፎን** 425-640-4000

**FIRST HILL**
747 Broadway
Seattle, WA 98122-4307
**ቁጽሪ ተሌፎን** 206-386-6000

**ISSAQUAH**
751 NE Blakely Drive
Issaquah, WA 98029-6201
**ቁጽሪ ተሌፎን** 425-313-4000

**MILL CREEK**
13020 Meridian Ave. S.
Everett, WA 98208-6422
**ቁጽሪ ተሌፎን** 425-357-3900

**REDMOND**
18100 NE Union Hill Road
Redmond, WA 98052-3330
**ቁጽሪ ተሌፎን** 425-498-2200

**TDD/TTY፧** 206-386-2022

**Swedish.org**

© 2019 SWEDISH HEALTH SERVICES. ALL RIGHTS RESERVED

ADMN-17-0268-TIGRIGNA 6/19